ሕማምን ፈዉስን ትግራይ !
----------------
ትግራይ ካፍ'ቶም ቀዲሞም ሃገረ- መንግስትነት ዝመስረቱ ሃገራት/ብሄራት ሓንቲ እያ:: ምስ ዕድሚኣን ኣነባብረኣን ተኣሳሲሩ ብዙሕ ዓይነት ሕማማት ይረኣይዋ ኣለው:: ኣነ ዝተዓዘብክዎም ንትግራይ ድሕሪ ኩሉ ዘትረፍዋ ዝተኣሳሰሩ ሕማማት ሰለስተ እዮም: : ንሶም ድማ:

1) ፖለቲካዊ መንሽሮ
2) ኢኮኖሚያዊ መንዳዕቲ
3) ንታሪኽ ዘለና ሽውራር ኣጠማምታ

ቅድሚ ነዞም ዝጠቐስክዎም ሰለስተ ሕማማት ትግራይ ሓደ ብሓደ ብዝርዝር ምርኣይና " ፀገም ትግራይ ህወሓት ብምውላዳ ዝተፈጠረ'ዩ " ተባሂሉ ብሓደ ሓደ ንዝቐርብ ሪኢቶ ኣሪመ ክሓልፍ ይደሊ ::

ህወሓት ፣ ህዝቢ ትግራይ መሪሕ ውድብ ስኢኑ እንትሳቐ ቀዲማ ዝበፅሓትሉ፣ ኣብ ቅድሚት ተሰሊፉ ብዙሓት መስገደላት ጭቆናን ድሕረትን ሰባቢራ ስርዓት ዝተኸለት፣ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ወሳናይ ግደ ክትፃወትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ተሰማዒት ክትከውንን ዝገበረት ፣ ብዙሓት ህዝባዉያን ተቓለስትን ዝሰርሑ ናይ ልምዓት ሓሳባትን ዘለዋ ውድብ ምዃና ክስሓት የብሉን ::

ይኹን'ምበር ካብ ዝተወሰኑ ዓመታት ናብዚ ግን ህወሓት ባዕላ ንዝፈጠረቶ ምዕባለ ይኹን እቲ ስርዓት ንዘጋጠሞ ፈተና ምምራሕን ምእላይን ኣብይዋ ብደመ-ነብሲ ትጓዓዝ ዘላ ዉድብ ምዃና ድማ ግልፂ'ዩ::

ስለዝኾነ ንህወሓት እንትንነቕፍ ባዕላ ዝፈጠረቶን ዘይፈጠረቶን ሓጥያት ክነሽክማ ኣይግባእን:: ክልቲኡ ገፅ ብሚዛኑ ብምርኣይ ነቲ ፅቡቕ ፅቡቕ ምባል፣ ነቲ ርኡይ ድኽመታ ድማ ብዘየላጢ ምንቃፍ ይግባእ:: ብድፉኑ ምንቃፍ ግን ንሕማም ትግራይ ብኣግባቡ ከይንርእን ነብሲ ወከፍ ፖለቲካዊ ልሂቕ ተርኡ ከይርዳእን ዝገብር'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሓደሽቲ ውድባትን ተረከብትን'ዉን ዝጎድእ'ዩ ::እቲ ጉባኤ ኣካይደ'የ ዝብል ጉጅለ'ዉን እንተኾነ ኩለን ሕማማተይ ምስቲ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ከይደን'የን ብምባል ነብሰ-ዕሽወት እንተዘይገብር ፅቡቕ'ዩ::

ስለዚ ኣብ ውሽጢ ህወሓት ዘለው ዝተጋገዩ ሓሳባት ፈሊና ብዝሓሸ ሓሳብ ክንቅይሮም ኣለና ፣ ንቲ ዝተባላሸወ ኣሰራርሓን ኣወዳድባን እናተበለፁ ንዝነብሩ ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ነፂርና ክንቃለሶም ይግባእ እናበልኩ ናብ ትንታነ ሰለስተ ሕማማት ትግራይ ክኣቱ::

# ፖለቲካዊ መንሽሮ ፥

እዚ ኣብ ማእኸል ዓዲ ተመዲቦም ዝሰርሑ ብዝነበሩ ፖለቲካውን ወታደራውን መራሕቲ ዝተጀመረ ኮይኑ ህወሓት ርሑቕ ኣሚታ ቀረባ ክትሓድር ዝገበረ ቀንዲ ሕማማ እዩ:: እዚ ሕመቕ ነቲ ብመሪሕነት ህወሓት ዝተኣከበ ሓይሊ ዝበተነ ፣ ውድብ ስትራቴጅካዊ መሪሕነት ክትስእን ዝገበረ ፣ ብፀረ-ዴሞክራሲ ፣ ኔትዎርክን ግዕዝይናን ዝግለፅ ፖለቲካዊ ፀገም እዩ ሕማም መንሽሮ ዝብሎ ዘለኹ:: እዚ ፖለቲካዊ ሕመቕ'ዩ ንትግራይ ምንቅስቓስ ከሊእዋ ዝርከብ:: እዚ ቅድሚ ኲናት ዝጀመረ ሕማም ኣብ እዋን ኲናት ዝያዳ ተጠናኺሩ ወፂኡ:: እቲ ሐዚ ንስልጣን ዝግበር ዘሎ ምትሕንናቕ እዙይ ዝወለዶ እዩ::

እቲ ብኔትወርክ ምጥልላፍ ቅድሚ ኲናት ኣብ ኣዲስ ኣበባ'ዩ ተጀሚሩ:: ንኣብነት ኣብ መንጎ ሳሞራን ጌታቸው ኣሰፋን ፣ ኣብ መንጎ ኣዜብን ስብሓትን ፣ ኣብ መንጎ ብርሃነ ማረትን ዘርኣይን ፣ ዝነበረ ተጎጃጂልካ ምጥቕቓዕ ምጥቃስ ይከኣል፡፡

እቲ ሐዚ ዘሎ ኔትዎርካዊ ምጥቕቓዕ ድማ ኣብ መንጎ'ቲ ብኣቦይ ስብሓት እናተመርሐ ኣለምን መንጀሪኖን ዝነበርዎ ጉጅለን ፣ ብኣባይ ወልዱን ኣዜብን ዝምራሕ ዝነበረ ጉጅለን ናይ ዝተገበረ ምጥቕቓዕ መቐፀልታ'ዩ:: ሽው ጉጅለ ስብሓት ንጉጅለ ኣባይ ስዒሩ ኣብ 2008 ዓ.ም ስልጣን ሒዙ ፡፡ ሽው ስልጣን ዝሓዘ ጉጅለ'ዩ ሐዚ'ውን ንሱ ዘይፈልጦ ነገር ከይስራሕን ሰብ ከይሸየምን ተወዲቡ ዝረባረብ ዘሎ፡፡

ካልእ ኣብ ትግራይ ዝበቖለት ፖለቲካዊ ሕማም ፀረ-ዴሞክራሲያዉነት እያ፡፡ እዛ ፀረ-ዲሞክራሲያዉነት ከትግንግ ዝገበረ ኣወዳድባ ድማ ልምዓት ጉጅለ እዩ፡፡ ብልምዓት ጉጅለ መን እንታይ ከምዝሓስብን ንመን ከምዝመርፅን እዩ ዝፅናዕ፡፡ እዚ ንልምዓት ተባሂሉ ዝተወደበ ኣካል ናብ ፖለቲካዊ ስራሕቲ'ዉን ነኺትቶ ተባሂሉ ወዲብናን ኣዚርናን ኣብ ምርጫ ክንጥቀመሉ ካብ እንጅምር ናብዚ መሳርሒ ፀረ-ዴሞክራሲ ኮይኑ ክሳብ ሐዚ ይቕፅል ኣሎ፡፡

ብዘይካ'ዚ ኣብ ማእኸል ዓዲ ኩሉ ዓይነት ጥበባት ግዕዝይና ተላሚዱ ሃገር ዘንፀርፀረ ሓይልን ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ሃንጎሪማ ሓይልን ተደሚሮም ትግራይ ምእኻል ኣብያቶም ኣላ፡፡ "ኣመል ምስ መግነዝ" ከምዝበሃል ኮይኑ እነሆ ሎሚ ካብ ስንቂ ሰራዊት ይቖንጥሩ ፣ ረዲኤት ካብ ኣፍ ተፈናቓሊ ይጉሕሉ ፣ ዝተማረኸ ንብረት ይሰርቁ ፣ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተረኸበ ሓፂን ይኹን ኣብ ከርሲ-መሬት ዘሎ ወርቂ ዝግህፁ ፍጥረታት እያ ትግራይ ተሸኪማ ዘላ፡፡ እዚ ነቀርሳ እዙይ መኸተ ትግራይ ብዓወት ከይፅንበል ገይሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ህወሓት ከም ፀላኢ-ሰናይ ዝሓዛ ጥየል ሽምበለል እናበላ ይርከብ፡፡

# ኢኮኖሚያዊ መንዳዕቲ፥

እቲ ኣብ ኢኮኖሚ ትግራይ ዘሎ ዓብዪ ሕማም መንዳዕቲ ኣብ ድኻ ማሕበረሰብ ዝተመስረተ ኢኮኖሚ ምኻኑ ፣ ካብ ንኣፍረይቲ ንደላሎን ነጋዶን ዝጠቅም መሰርሕ ዝኽተል ምኧኑ ፣ ናብ ዓለማዊ ዕዳጋ ምእታው ኣብይዎ ኣብ ዕንክሊል ዝርከብ ምኧኑ ፣ ዓሚቕ ድኽነት ኣብ ገሊኡ ከባቢ ከምዝነበሮ ምህላው መግለፂ መልክዓቱ'ዮም ፡፡ ንከምዙይ ዓይነት ኢኮኖሚ ዝመርሕ ኣካል ፈተንኡ ዓብዪ'ዩ ፡፡ ኣብ ከምዙይ ዝበለ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ኮይንካ ሃገር ምህናፅ ኣይከኣልን፡፡ ፖለቲካዊ ልሂቕ ትግራይ እዚ ዱሑር ኢኮኖሚያዊ መሰረት መንቀሊ ኩሉ ሕማም ትግራይ ምኧኑ ብኣግባቡ ተረዲኡ ንምፍትሑ ብሙሉእ ዓቕሙ ኣይሰርሐን ዘሎ፡፡ ንዙይ ንምቕያር ብቐፃልነት ክስረሐሉ ኣይተገበረን ፡፡ በዚ መዳይ ዝተጀማመረ ቃልሲ'ዉን ብምኽንያት ፖለቲካዊ ፀገምና ዝወለዶ ኲናት ድኽነትና ከዓሙቕ ጌርዎ ይርከብ፡፡

# ንታሪኽ ዘለና ሽውራር ኣጠማምታ፥

ንታሪኽ ብኣግባቡ ፈሊጥና ዘይንመሃረሉ ምኧንና እቲ ሳልሳይ ሕማም ትግራይ እዩ፡፡ ንቲ ብታሪኽን ብተግባርን ንፈልጦ ብሓደሸቲ ፍልስፍናታት ጌርና ኣሸውሪርና ንሪኦም ምኧንና ሓደ ሽግርና እዩ፡፡ ንኣብነት ገዛእቲ ደርብታት ኣምሓራ ተደጋጋሚ ግፍዕን መከራን ዘውረዱልና ንህዝቢ ኣምሓራ ብምኽታት እዩ፡፡ ንዙይ ዝተረደአ ኣካይዳ ኣብ ክንዲ ንኽተል "ህዝቢ ኣምሓራ ፈታዊና እዩ " ዝብል ክልሰ-ሓሳብ ሒዝና ካባና ንዓቐብ ክልል ኣምሓራ ክገፍሕን ክጥንክርን ንሰርሕ፡፡ ሃፀይ ምኒሊክ ዓቕሚ ተጋሩ ንምብታን ኢሎም ልዕልን ትሕትን መረብ ዝፈለዩና ምኧኑ ታሪኽ ጠቒስና ነዘንቱ'ምበር ንዚ ዘላቒ ጉድኣት ዘለዎ ሸርሕን ተንኮልን ንምእራሙ ኣይተንቀሳቐስናን፡፡ እቲ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ንኣሻሓት ዓመታት ሓደ ኮይኑ ዝነበረ ህዝቢ ትግራይን ኤርትራን ክልተ ኹን ተባሂሉ መከርኡ እንትበልዕ እንተሎ እናረኣና ሓደ ንምግባሩን መንነቱ ንምምላስን ኣይሰራሕናን፡፡ ኣብ

1977 ዓ/ም ኣብ እዋን ድርቂ ሻዕብያ ንሱዳን መውፅኢ ክንስእንን ክንረግፍን ከምዝገበረና እናፈለጥና ኣብ ድሮ ኩናት ትግራይ ግን ሻዕብያ ዓለም-ለኸ ሕጊ ብምጥሓስን ምስ ብልፅግና ብምዉጋንን ክዓፅወና ኣይኽእልን ኢልና ዘይተዳለና ንፀንሕ፡፡

ታሪኽና ንመፃኢና መሰረት ምኧኑ ዘይግንዘብ ሸውራር ኣመለኻኽታና ንክውንነት ዘንጊዕና ንሕና ንነኣምነሉ ርእዮት ጥራሕ ተገዛእቲ እናገበረና መፂኡ እዩ፡፡ ካብዙይ ተበጊሶም እዮም ገለ መራሕትና " ኣብ ትግራይ ምስ ዘሎ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ኣይንደራደርን " እናበሉ መሳፍንቲ ኣያታትና ንዝሰርሕዎ ጌጋ እናደገሙ ንርኢ ዘለና፡፡ ናብራ ፖለቲካ ናብራ ድርድርን ክትዕን ምኧኑ ረሲያም ፍትሒ ገዝኦም ገዲፎም ፍትሒ ካብ ደመኛና ንምርካብ ሓሸውየ እናበሉ ዝርከቡ፡፡ ንክውንነትን ንታሪኽን ንጎኒ ገዲፎም ንሶም ንዝኣምንሉን ጉጅለኦም ንዝሓዞ መርገፅን ጥራሕ ተሸኪሞም ሃለው ይብሉ ኣለው፡፡

ንምጥቕላል ሕማማት ትግራይ ፖለቲካዊ መንሸሮ፣ ኢኮኖሚያዊ መንዳዕትን ንታሪኽ ዘለና ሸዉራር ኣጣማምታን ምኧኖም'የ ዝኣምን ፡፡ ትግራይ ካብ'ዞም መሰረታዊ ፀገማት'ዚኦም ዘናግፋ ብሱል ጅግና ትደሊ፡፡ እዚኦም ከይፍትሑ ገጀሞን ምሳርን ሒዙ ነገራት ክተሓላለኽ ዝገብር ዘሎ ሓይሊ" ንዓይ ስለዘይተኸቡሩኒ እዩ መዓት ዝወርደኩም ዘሎ " እንተበለ ግን ጥረ-ስብከት 'ምበር ሰማዕን ተቐባልን የብሉን ::